

# ሓበሬታ ብሕቶን መልስን ን መድሕን ዘይብለን ነብሰጹራት ኣብ ማኒቶባ



### ኣብ ማኒቶባ ሽፋን ህዝባዊ ሕክምና ዘይብሉ መን'ዩ?

ዓለምለኻዊ ተመሃሮን ስድራቤቶምን፥ ትሕቲ 12 ኣዋርሕ መንበሪ ፈቓድ ዘለዎም ሰራሕተኛታትን ስድራቤቶምን (ብጀካ ወቕታዊ ናይ ሕርሻ ሰራሕተኛታት) ፥ ዝተነጽጉ ሓተትቲ ዑቕባ ድሕሪ ዝተወሰነሎም መዓልቲ ምስጓግ ፥ ቪዛ በጻሕቲ ዘለዎም ሰባት፥ ወረቐት ዘይብሎም ወይ ንጹር መንበሪ ወረቀት ዘይብሎምን ሰባት ኣብ ማኒቶባ ሽፋን ህዝባዊ ሕክምና የብሎምን።

### መድሕን ንዘይብሎም ሕሙማት ዝርኢ ሓኪም ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

ዝኾነ ሓኪም መድሕን ንዘይብሎም ግን ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዘለዎም ሕሙማት ክሕክም ክመርጽ ይኽዕል ኢዩ። ነቲ ቤትጽሕፈት ናይቲ ሕክምና፡ ክፍሊት ክንደይ ምዃኑን ነቲ ክፍሊት ናብ ናይ ውልቃዊ መድሕን ክሰዶ ይኽእል ምዃኑን ምሕታት የድልዩ። እዚ ኣሰራርሓ ካብ ሓደ ቤትጽሕፈት ናብ ካልእ ክፈላለይ ይኽዕል ኢዩ።
ኣብ ማኒቶባ መድሕን ንዘይብለን ነብሰጾራት ብፍሉይ ኣገልግሎት ንኽህብ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ዝተመወለ መደብ የለን። እንተኾነ ግን ገሊኦን ህዝባዊ ማእከላት ጥዕና ብዛዕባ እዚ ጸገማት ኣፍልጦ ስለዘለወን ብኸመይ ሓኪም ከምትረክኽቡ ክሕግዛ ይኽዕላ ኢየን።

### ነዚኦን ማእከላት ምፍታሽ ኣብ ግምት ኣእትዎ፥

**ማውንት ካርመን ክሊኒክ : Mount Carmel Clinic**
(204-582-2311)

**ዉሜንስ ሄልዝ ክሊኒክ : Women's Health Clinic**
(204-947-1517)

**ክሊኒክ : Klinic**
(204-784-4090)

### መድሕን ከይብለይ መሕረሲት ክረክብ ይኽእል ዶ?

መብዛሕትኡ ግዜ መሕረስቲ ቀጥታ ብ ዞባዊ በዓል መዚ ጥዕና ኢዮም ዝቁጸሩ (ከም ሓካይም ክፍሊት ንዝሃብዎ ኣገልግሎት ኣይኮኑን ዝቕበሉ) ። ብ ዞባዊ በዓል መዚ ጥዕና ዝተቆጽሩ መሕረስቲ፡ መድሕን ንዘይብሎም ሕሙማት ክንክን ክህቡ ኣይክእሉንዮም። እንተኮነ ግን ኣብ ትሕቲ ካልኦት በዓል መዚ ጥዕና ዝሰርሑ መሕረስቲ ነዚ ክንክን ክህቡ ይኽእሉ ኢዮም። ክንክን ኣብ ትሕቲ መሕረስቲ፡ ሽግር ጥዕና ንዘይብለንን ብዙሕ ናይ ሕክምና ምክትታል ንዘየድልየን ነብሰጾራት ጽቡቕ ኣማራጺ ኢዩ። እቲ ክንክን ምስ ድሌት ናይታ ነብሰጹር ዝሰማማዕ እንተኮይኑ፡ ብ ሓገዝ መሕረስቲ ኣብ ገዛ ምሕራስ ብዓይኒ ወጻኢ ዝያዳ ተረካቢ ኣማራጺ ኢዩ። መድሕን ህዝባዊ ሕክምና ዘይብለን ተገልገልቲ ናይዚ ክንክን ወጻኢውን ካብ ጁብአን ክኸፍላ ከድልየን ኢዩ።

### ህዝባዊ መድሕን ጥዕና እንተዘይብለይ ንክሓርስ ክንደይ ክከፍልዬ?

ማኒቶባ ሄልዝ ዝርዝር ዋጋታት ክፍሊት ይህብ ኢዩ፡ ምስ ሕርስን ቅድመ ሕርሲ ክንክንን ዝተተሓሓዘ ወጻኢታት ካብ ሕክምና ናብ ሕክምና፡ ብ ዞባታትን፡ ኣብቶም ኣገልግሎት ዝህቡ ሰብ ሞያን ክፈላለይ ይኽእል ኢዩ። ንምክትታል ቅድመ ሕርሲ፡ ንላብራቶሪ መርመራን ኣልትራሳውንድን ዝተፈላለየ ክፍሊት ክመጽእ ተጸበዮ፡ ብመሰረት ዝተረክበ ሰነድ፡ ን ቆጸራ ቅድመ ሕርሲ ክትትልን ላብራቶሪን ካብ $80 - $100፥ን ኣልትራሳውንድ ድማ ካብ $1,000 ክሳብ $1,400 ከምዝኽፈል ጸብጻባት ይሕብሩ። ን ጻዕርን ሕርስን ናይቲ ሕክምና ትጸንሓሉ መዓልታዊ ክፍሊት ኣሎ፡ ብተወሳኺ ንሓኪም ማሕጸንን ንሓኪም መደንዘዚን (ኣድላዪ እንተኾይኑ) ተወሳኪ ክፍሊት ኣለዎ። ናይ ሕክምና ምትሕልላኽ እንተ ኣጋጢሙ ድማ ን ነፍስወከፍ ኣገልግሎት ተወሳኺ ክፍሊት ኣለዎ። ገለ መደባት ናይ ውልቃዊ መድሕን ነዚ ወጻኢታት ብኸፊል ክሸፍኖ ይኽእል ይኸውን ኢዩ። ይኹን እምበር ነዚ ወጻኢታት ደሓር ተመላሲ ክኾነልካ ኣቐዲምካ ቀጥታ ክትከፍሎ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ። ከምዚ ኣይነት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ድማ ናብ ክፍሊ ሒሳብ ናይቲ ኣገልግሎት ዝህብ ሆስፒታል ብምድዋል ክርከብ ይከኣል ኢዩ።

**ሄልዝ ሳይንስ ሴንተር ኣካውንቲንግ : *Health Sciences Centre Accounting:*** (204-787-4539)
**ሴንት ቦኒፌስ ቢሊንግ ዲፓርትመንት : *St. Boniface Billing Department:*** (204-925-9562)

**ኣብዚ እዋን እዚ ማእከል ሳይንስ ጥዕና ዊኒፔግን ማእከል ጥዕና ዞባ ብራንደንን (ናይ ሓኪም ዋጋ ዘየጠቓልል) ን "መድሕን ዘይብሎም ዘይነበርቲ" ኣብ ዝብል ምድብ ነዚ ዝስዕብ ዋጋታት ኣውጺኦም ኣለዉ፡፡**

| | ማእከል ሳይንስ ጥዕና | ማእከል ጥዕና ዞባ ብራንደን |
|---|---|---|
| **ክፍሊት ሕክምና ንኣደ** | **$7,116/ንመዓልቲ** | **$4,074/ንመዓልቲ** |
| **ክፍሊት ሕክምና ን ሓራስ ቆልዓ** | **$3,441/ንመዓልቲ** | **$3,441/ንመዓልቲ** |
| **ክፍሊት ሕክምና ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ጽዑቕ ክንክን ዘሎ ዕሸል** | **$17,922/ንመዓልቲ** | **$12,225/ንመዓልቲ** |
| **ንሕርሲ ዝተሓተተ ቅድመ ክፍሊት** | **$31,671** | **የለን** |

## ሒሳበይ ክከፍል እንተዘይኪእለ እንታይ ይኸውን?

ብዝተኻእለኩም መጠን ቕድሚ ካብቲ ሕክምና ምውጻእኹም ንክፍሊ ሒሳብ ናይቲ ሕክምና ርኸብዎ፡፡ ናይ ኣከፋፋል መደብ ክትገብሩውን ይከኣል ይኸውን ኢዩ፡፡ ምኽፋል እንተ ዘይክኢልኩም፥ እቲ ሆስፒታል ነቲ ዕዳ ናብ ሒሳብ ዝእክባ ትካላት ከመሓላልፎ ልሙድ ኢዩ፡፡ ገለ ገለ ሆስፒታላት ድማ ናይ ዘይተኸፍለን ዕዳ ን ኤጀንሲ ኣገልግሎት ዶባት ካናዳ ይሕብራ ኢየን፡፡ እዚ ንቡር ኣሰራርሓ ናይ ማእከል ሳይንስ ጥዕና ኢዩ፡፡ ንኣብነት በዓል መዚ ጥዕና ዞባ ፕሬይሪ ማውንቴን ዘይተከፈሎ ዕዳ ን ሒሳብ ዝእክባ ትካላት እምበር ን ኤጀንሲ ኣገልግሎት ዶባት ካናዳ ኣይሕብርን ኢዩ፡፡

## ኣብ ሕክምና ን ሕርሲ ንዘድልይ ወጻኢታት ቅድመ ክፍሊት ክገብር ወይ ትሕጃ ከትሕዝ የድልየኒዶ?

ሆስፒታላት ነዚ ወጻኢታት ቅድመ ክፍሊት ክሓቱ ንቡር እዩ፡፡ እዚ ዋጋታት ኣብ ኩለን ሆስፒታላት ዝተፈላለየ ክኸውን ይክእል ኢዩ፥ መብዛሕቱ ግዜ ናይ ከተማ ዊኒፔግ ዋጋ ምስተን ካልኦት ነኣሽቱ ከተማታትን ገጠራትን ክነጻጸር ከሎ ኣዝዩ ዝኸበረ ኢዩ፡፡ ን ኣብነት፥ በዓል መዚ ጥዕና ዞባ ፕሬይሪ ማውንቴን ኣብዚ እዋን እዚ ቅድመ ክፍሊት (ትሕጃ) ኣይሓትትን፡፡ ናይ ዊኒፔግ በዓል መዚ ዞባዊ ጥዕና ግን ቅድመ ክፍሊት ይሓትት ኢዩ፡፡ ማእከል ሳይንስ ጥዕና ከም ተቀማጢ ክፍሊት (ትሕጃ) ዝሓቶ መጠን ገንዘብ $31,671 ክኸውን ከሎ እዚ ድማ ማዕረ ናይ ሰለስተ ለይቲ ናይቲ ሆስፒታል ወጻኢ ማለት ኢዩ፡፡ ክንድዚ ወጻኢ እንተዘይብልኩም እቲ ተረፍ መጠን ገንዘብ ክምለሰልኩም ኢዩ፡፡ ነዚ መጠን ሰልዲ ክትከፍልዎ እንተዘይክኢልኩም እሞ እታ ነብሰጹር ሕማም ሕርሲ ተታሒዛ፥ ብ ናይ ሓባር ሕክምና መመርመሪ ኣትያ ኣብ ሕክምና ክትሓርስ ትኽእል ኢያ፡፡ ሆስፒታላት ኣብ ከምዚ ኩነት ንዘሎ ሰብ ናይ ምሕካም ግዴታ ኣለዎም፡፡ ብድሕሪኡ፡ ንዝተወሃበኩም ኣገልግሎት ዝወጸ ወጻኢታት ክትከፍልዎ ኢኹም፡፡

## ውላደይ ከም ካናዳዊ ዜጋ መጠን መድሕን ሕዝባዊ ጥዕና ክረክብ ይኽእል ዶ?

ተበጻሕነት ማኒቶባ ጥዕና ምስ ዜግነትን ነባርነትን ዝተኣሳሰረ ኢዩ፡፡ ብሓፈሽኡ ዜጋታት ዘይኮኑ ሰባት ብውሕዱ 6 ኣዋርሕ ዝተቐመጡ ወይ ን 6 ኣዋርሕ ተቀመጥቲ ናይ ማኒቶባ ንኽኾኑ መደብ ከምዘለዎም ከርእዩ ኣለዎም፡፡ (ንኣብነት ናይ 12 ኣዋርሕ ናይ መምሃሪ ፈቃድ ወረቐት) ፡፡ ነባሪነት ሓራስ ውላድ ብ መንጽር ናይ ወለዱ መንበሪ ፈቃድ ኢዩ ዝውሰን፡፡ ወለዱ መንበሪ ወይ መምሃሪ ፈቃድ ዘለዎም ሓራስ ቆልዓ ክሳብ እቲ ፈቃድ ናይ ወለዱ ዝውደኣሉ ግዜ መድሕን ጥዕና ይረክብ ኢዩ፡፡  እቶም ወለድቲ ነባሪነቶም ወይ ኣብ ማኒቶባ ናይ ምንባር መደብ ከምዘለዎም ከረጋግጹ እንተዘይክኢሎም፡ ህዝባዊ መድሕን ጥዕና ነቲ ውላድውን ኣይክህልዎን ኢዩ፡፡ እዚ ኩነታት እዚ ከከም ጉዳዩ ክግምገም ተኽእሎ ስለዘሎ ኣብ ከምዚ ኩነት ውልቃዊ ጎስጓስ ንጉዳይካ ምግባር ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡፡

## ጥንሲ ንምክልኻል ወይ ንምንጻል እንታይ ደገፋት ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ዊኒፔግ ዝርከብ ክሊኒክ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ Women's Health Clinic (WHC) ኣብ ማሕበረሰብ ዝተመርኮሰ መደብ መቆጻጸሪ ጥንሲ ኣለዎ፡፡ ኩነታት መድሕን ብዘየገድስ መጠነ ገፊሕ ኣይነታት መከላከሊ ድማ ብ ዉሑድ ወይ ዜሮ ወጻኢ ይህብ፡፡ ክሳብ 16 ሰሙናት ንዝገበረ ጥንሲ፡ ናይ ምንጻል ጥንሲ ኣገልግሎት ክህብ ወይ ከሳልጥ ይኽእል ኢዩ፡፡ ክሊኒክ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ሕክምና መድሕን ንዘይብለን ክሳብ $500 ዝበጽሕ ወጻኢ ይሽፍን፡፡ ንሕጹጽ እዋናት ሓገዝ ምስ ዘድሊ ከም በዓል NAF Canada ን Action Canada ዝኣመሰላ ብዘይ መኽሰብ ዝሰርሓ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝገብራ ሃገራዊ ትካላት ደገፍ ንኽርከብ መንገዲ የጣጥሕ፡፡

**እዚ ብ ዶክተር ሊንዚ ላርዮስን ጉጅለ መጽናዕቲ ፍትሒ ምፍራይ ማኒቶባን ዝተዳለወ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣብ ለካቲት/መጋቢት 2025 ዝተረጋገጸ ሓበሬታ ኢዩ፡፡ ዝኾነ ሕቶ፡ ርዕይቶ ወይ ሓበሬታ ምስዝህልወኩም ን ዶክተር ላርዮስ ብ Lindsay.larios@umanitoba.ca ተወከሱ፡፡**